# ሓጺር ዛንታ ህይወት መም. ተኸስተ ሓጐስ



7 ሓምለ 1960 - 1 ለካቲት 2013

መም ተኸስተ ሓጐስ ብ7 ታሕሳስ 1960፡ ካብ ወለዱ ነፍስሄር ኣቶ ሓጐስ ተስፋጽዮንን፡ ነፍስሄር ወ/ሮ ዑቕባ ዘርኣን ኣብ ከተማ ኣስመራ ተወሊዱ። ዕድሚኡ ንትምህርቲ ምስበጽሐ መባእታ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሰምበል፡ ማእከላይ ኣብ ቤት ትምህርቲ ጐዳይፍ፡ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቱ ድማ ኣብ ቤት ትምህርቲ ቀይሕ ባሕሪ (ቀሃስ ነበር) ወዲኡ። ብዝምጽኦ ልዑል ነጥቢ ብብምጻእ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ ትምህርቱ ብምቕጻል ብ1984 ብኬሚስትሪ ብመዓርግ ቢ.ኤስ.ሲ ዲግሪ ተመሪቑ። ተማሃራይ ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ ኣባል ጋንታ ኩዕሶ እግሪ ዩኒቨርሲቲ ብምዃን ንኣርባዕተ ዓመት ተጻዊቱ።

ብድሕሪዚ ኣብ 2ይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ደቀምሓረ፡ ኣስመራ ድማ 2ይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ቀይሕ ባሕሪ (ቀሃስ ነበር) ብመምህርነት ከምኡውን ዩኒት ሊደር ክሳብ 1992 ብትግሀት ንመንእሰያት ኣሕዋቱ ምሂሩ። ትጉህ፡ ፍቱውን ርጡብን መምህር ድማ ነይሩ። ብተወሳኺ ኣብቲ ማሕበር ማህራን ኤርትራ ከም ተሓዝ ገንዘብ። ድሕሪ ናጽነት ዝተመስረተ ናይ ኤርትራ ኬሚካል ሶሳዪቲ ኣብል ነይሩ፡ ኣብ 1994 ኣቦ መምበር እቲ ሃገራዊ ዋዕላ ናይቲ ኬሚካል ሶሳዪቲ ብምዃን ኣገልጊሉ።

ካብ 1992 ክሳብ 2002፡ ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ፡ ክፍሊ ሓፈሻዊ ትምህርቲ (እንዳ ካሪክለም) ተመዲቡ ብዝተፈላለየ ሓላፍነት፡ ሞያን ንስርዓት ትምህርቲ ሃገርና ሰሪት ሓዲጉ። እንዳ ካሪክለም ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ መም ተኸስተ መጀመርያ ከም ሓላፊ ፓንል ከሚስትሪ ብምዃን ሰርዓት ትምህርቲ ኤርትራ ኣብ ምንዳፍ ዓቢ ኣበርኪቶ ገይሩ፣ ከምኡውን ምስ ብጾቱ ብምዃን፡ ናይ መባእታን ማእከላይን (ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሻብዓይ ክፍሊ) መጻሕፍቲ ስነ-ፍልጠት፡ ናይ ካልኣይ ደረጃ (ካብ ሻሙናይ ክሳብ ዓሰርተው-ሓደ ክፍሊ) ድማ ባዕሉ ደሪሱ። ብድሕሪዚ ሓላፊ ኣሃዱ ሕትመትን ደስክቶፕ ፓብሊሺን ብምዃን ናብ ዓዲ እንግሊዝ ብምምልላስ ሰለስት ኮርሳት ወሲዱ። ተኸስተ ብትግሃት ዘገልገለ ብመሳርሕቱን ሓለፍቱ ዝተመስከረሉ ፍቱውን ርጡብን ነይሩ።

ብ2002 ናብ ዓዲ እንግሊዝ መጺኡ፡ ኣብ 2004 ድማ ናይ ስነ-ምምህርና - ናይ ድሕረ-ምረቓ ሰርቲፊኬት ካብ ዩኒቨርሲቲ ስውዛምፕትን ተመሪቑ፡ ኣብ 2009 ብኤዱከሽን ብማዕረግ ኤም.ኢ.ድ (ማስተርስ) ካብ ዩኒቨርሲቲ ስውዛምፕትን ተመሪቑ ። ተኸስተ ኣብ ሳውዛምተን ዩኒቨርሲቲ ናይ ዶክተሪያል (ፒ.ኤች.ዲ) ትምህርቱ እንዳተኸታተለ፡ ብማዕረግ ዶክተረይት ንክምረቕ ናይ ሽዲሽተ ኣዋርሕ መጽናዕቲ ጥራይ ምስተረፎ እዩ ካብዛ ዓለም ተፈልዩ። ካብ 1 ሓምለ 2004 ክሳብ ዕለተ ዕርፍቱ ከኣ ኣብ ኣልድዎርዝ ሳይንስ ኮለጅ በይዚንግስቶክ መምህርን ሓላፊ ደፓርትመንት ኬሚስትሪ ብምዃን ኣገልጊሉ።

መም. ተከስት ምስ ወ/ሮ ኣቕላስያ ብ14 ለካቲት 1993 ተኸሊል ቃልኪዳን ኣብ ከተማ ኣስመራ ኣሲሮም፡ 4 ውላድ ድማ ወሊዶም። ኣብ ርእሲ እዚ ኹሉ ግን፡ ተኸስተ ከም ሰብ፡ ንወዲ ሰብ ከውሃቡ ዝኽእሉ ኩሎም ናይ ናእዳ ቅጽላት ዝግብኦ ሰብ ነይሩ። ሕያዋይ፡ ለዋህ፡ ሃያብ፡ ትሑት፡ ዓቃል፡ ህዱእ፡ ጸዋር፡ ሓዳግ፡ ፈቃር፡ ሓላዪ፡ በሊሕ፡ ክፉእ ዘይወጾ፡ ትኩር ... ክንደይ ኢልካ'ም ክጥብጸብ። ተኸስተ ንሊቅነቱ፡ ከም መምሃሪት መንእሰያት ድግዲጊት (ቅናት) እምብር፡ መጋየጺ ጉንዖ ገይሩ ርእይዎ ሰለ ዘይፈልጥ፡ ምስ ኩሉ፡ ዓቢ ምስ ንእሽቶን፡ ምዕራባዊ ትምህርቲ ዝቐሰመን ዘይቀሰመን ሕዉስን ንኡድን ባህርይ ነይርዎ።

ሃንቀውታ ተኸስተ ፡ ብማዕረግ ዶክተሬት ተመሪቑ፡ ንሃገሩን ስነ-ፍልጠትን ኣግልግሎቱ ክቕጽል፡ ኣብታ መዳሕንቱ ዝተቐብረላ ከተማ ኣስመራ ተመሊሱ፡ ንፋሳ ከስተማቕርን፡ ንመንእሰያት ሃገሩ ፍልጠትን ሞያን ከቕስም ነይሩ። እንተኾነ ፍቓድ ኣምላኽ ኮይኑ ተኾሊፉ። ብዘየላቡ፡ ሓጺር ሕማም፡ ኣብ በይዚንግስቶክ ሆስፒታል ክሕከም ጸኒሑ ። ብ1 ለካቲት 2013 ስድራቤቱ፡ የሕዋቱን ፈተውቱን ከቢቦሞ ኸለዉ ካብ'ዛ ዓለም ብሞት ተፈልዩ።

መደብ ፍትሓተ ነብሲ ሓውና ተኸስተ ቤተሰቡ፡ መተዓብይቱ፡ ብዙሓት ፈትውፈቱን መሳርሕቱን ኣብ ዝተረኸብሉ፡ ብዕለት 10 ለካቲት 2013 ኣብ ቤተ ክርስቲያን ኖርዝ-በይዝንግስቶክ ኮሙዩኒቲ ቸርች ተፈጺሙ። ዝነበሮ ሓልዮት ንተማሃሮኡን ናይ ጽኑዕ ስራሕ መንፈስን ብልሳን ኣብቲ መደብ ዝተሳተፉ ተማሃሮኡን መሳርሕቱን ወትሩ እንዳተዘከረ ከምዝነብር ተገሊጹ። ሬሳ መም ተኸስተ ሰኑይ ዕለት 11 ለካቲት 2013 ካብ ለንደን ናብ ኣስመራ ተፋኒዩ። ረቡዕ ዕለት 13 ለካቲት 2013 ኣብ ዓዲ ዝግብ፡ ዞባ ማእከል ሓመድ ድብ ለቢሱ።

ተኸስተ በዓል ሓዳርን፡ ኣቦ ክልተ ኣወዳትን ክልተ ኣወልድን ኢዩ። ተኸስተ ፡ ኣብዛ ግናይ ዓለም፡ ንበዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ኣቕላስያ ኢሳቕ፡ ደቁ ወዲ 19 ዓመት ኣቤል፡ ወዲ 17 ዓመት ናትናኤል። ጓል 11 ዓመት ዲቦራ፡ ጓል 6 ዓመት ኤለና፡ ነ'ሕዋቱ ኣቶ ኣሉላ፡ ወ/ሮ ፍረወይኒ፡ ስውእ ቢንያም፡ ወ/ሮ ሰናይት፡ ወ/ሮ ይርጋኣለም፡ ወ/ሮ ሄለን፡ ወ/ሮ ዮርሳሌምን ንሓያሎይ ኣዝማዱን፡ ፈተውቱን ሃገራውያን ብጾቱን ገዲፉ'ዩ ካብ'ዛ ዓለም ተሰናቢቱ። ተኸስተ ዝሓደጐ ሃጓፍ ምትክኡ ቀሊልኳ እንተዘይኮነ፡ እቲ ህዱእን፡ ዓቃልን፡ መንፈሱ፡ ምስናይ ጽኑዕ ፍቕሩን ግን፡ ምስ'ቶም ንድሕሪት ገዲፉና ሓሊፉ ዘሎ ፡ ቤተሰቡን ብጾቱን ወትሩ ነባሪ'ዩ። ንዕዑ ዕርፍቲ ሰላም፡ ንዝተረፍና ድማ ምጽንናዕ ይሃበና። **ስድራቤት ኣብ እዋን ሕማሙ ኰነ ኣብ ምፍናው ሬሳ ምሉእ ሓገዝም ዝዘወፈዩልና ኣሕዋት፡ ኣሓትን፡ መተዓብይቱን መማህርቱን የቐንየልና ሕሰም ኣትርከብ ይብሉ።**

በዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ኣቕላስያ ኢሳቕ ምስ ደቀን ምሉኣት ስድራቤትን
ለካቲት 2013
ስ.ቁ +44(0)1256 51103 email: abutek2007@yahoo.com; galhagos@gmail.com